UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ መጻኢ ዝፍጸም ገበናት ግፍዒ፡ ቀጻሊ ኣህጉራዊ ብዕምቆት ምጽራይን ምርመራን ከምዘድልዮ፡ ክኢላታት ሕቡራት ሃገራት ይገልጹ

## መስከረም 22, 2016

**ጀነቫ (22 መስከረም 2016)** – ግፍዕታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ክቕጽል ዝኽእል ልዑል ሓደጋ ከምዘሎን፡ ኣብ ኣሰቃቒ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት እታ ሃገር ዝካየድ ናጻ መርመራታት ክቕጽል ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ዓለምለኸ ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ ኣብ ዘውጽኦ ሓድሽ **ጸብጻብ** ሎምዓንቲ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኣቦ መንበር እቲ ኮሚሽን መሓመድ ቻንደ ዑስማን፡ "ኩነታት ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ክፍጸም ዝኽእል ግፍዕታትን ኣዝዩ የሻቕለና" ኢሉ። "ቀጻሊ ከቢድ ጥሕሰት፣ ሰፊሕ ዓመጽን ዘይምርግጋእን፣ ከምኡ'ውን ብዕምቆት ሱር ዝሰደደ ገበን ፈጺምካ ዘይትሕተተሉ ኩነታት ምህላው ሓዊሱ፣ ኣብ መጻኢ ንዝፍጸሙ ገበናት ግፍዒ ዘስዕቡ ልዕሊ ዓቐን ዝኾኑ ረቛሒታት ኣብ ኢትዮጵያ ከምዘለዉ ጸብጻብና ይሕብር።"

እዚ መጠንቀቕታ ድሕሪ'ቲ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ናብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዝቐረበ ካልእ **ጸብጻብ** ኮሚሽን ኮይኑ፡ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ገበናት ኩናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ይፍጸም ከምዘሎ ደምዲሙ።

እቶም ዳሕረዎት ዝርዝር ርኽበታት ኣብ ገምጋም ናይቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ዝፍጸሙ ኣዝዮም ከበድቲ ገበናት ተባሂሎም ዝቑጸሩ ገበናት ግፍዒ ዘስዕቡ ረቛሒታት ዝተመርኮሰ እዩ። እዞም ገበናት ፡ ምጽናት ዓሌት፡ ገበናት ኩናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ሓዊሱ ፡ **ኣብ ማዕቀፍ ትንተና ገበናት ግፍዒ ሕቡራት ሃገራት** ተለልዮም ኣለዉ። እቲ ኮሚሽን ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ እቶም ሸሞንተ ሓባራዊ ረቛሒታት ሓደጋን ዝበዝሑ ፍሉያት ረቛሒታት ሓደጋን ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዘለዉ ኣረጋጊጹ።

"እቲ ኩነታት ዝያዳ ክበላሾ ኣዝዩ ሓቀኛን ቀረባን ሓደጋ ኣሎ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ምእንቲ ክፍታሕ፡ እቲ ዝኸፍአ ትራጀዲታት ድማ ክተርፍ፡ መርመራታት ክቕጽል ምግባር ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ግዴታእዩዕ ይብል ስቲቨን ራትነር፡ ኣን። ክኢላ ኮሚሽን ምዃኑ ይፍለጥ።

ዳርጋ ቅድሚ ሓደ ዓመት ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት እንተተፈረመ፡ ኣብ ክልል ትግራይ ከቢድ ጥሕሰት ይቕጽል ከምዘሎ ኮሚሽን ፈሊጡ ኣሎ። ቀጻሊ ህላወ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ ብፍላይ ድማ ዓመጽን ካልእ ዓይነት ጾታዊ ዓመጽን ኣረጋጊጹ'ሎ።

ብተወሳኺ እቲ ኮሚሽን ኣብ ክልል ኣምሓራ እናተበላሸወ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ስግኣት ገሊፁ ኣሎ፣ እዚ ድማ ካብ ፍርዲ ወፃኢ ዝፍፀም ቅትለትን ጃምላዊ ማእሰርትን ዝብሉ ፀብፃባት ይቕልቀሉ ኣለው። መብዛሕትኦም እንተዘይኮይኖም ኩሎም መዋቕራዊ መንቀሳቐስቲ ዓመጽን ግጨትን ገና ኣይተፈትሑን።

“ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ተራ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት፡ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ንምክልኻልን ንህጹጽ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ምላሽ ምሃብን'ዩ” ትብል ራዲካ ኩማራስዋሚ፡ ክኢላ ናይቲ ኮሚሽን። ዕኩነታት ኢትዮጵያ ከምዚ ዓይነት ቆላሕታ ዝግብኦ ምዃኑ ብንጹር ይርአ፡ እዚ ክቕጽል ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ንመጀመርያ ግዜ ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ 2014 ዝተመስረተ ስልጣን ኮሚሽን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መወዳእታ መበል 54 ኣኼባ ቤት ምኽሪ ብዕለት 02 ጥቅምቲ 2016 የብቅዕ።

ተፈጸመ።

እቲ ናይ መወዳእታ ዝርዝር ጸብጻብ ኮሚሽን ኣብዚ ***here***. ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ድሕረ ባይታ**፡ **ውድብ ሑቡራት ሃገራት ቤት መኽሪ ሰብኣዊ መሰላት** ኮሚሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ፡ ብቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዕለት 08 ታሕሳስ 2014፡ **ብውሳነ ጽ 33/1**፡ኣብ ልዕሊ ክስታት ምጥሓስን ግህሰትን ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላትን ጥሕሰት ናይ ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕግን ኣህጉራዊ ሕጊ ስደተኛታትን ኣብ ኢትዮጵያ ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ጀሚሩ ብኹሎም ወገናት እቲ ግጭት ዝተፈጸመ፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓመጻትን፡ ግህሰታትን ክህሉ ዝኽእል ጾታዊ ሸነኻት ሓዊሱ ዕሙቅ ዝበለ ምርመራ ንከካይድ ሓላፍነት ዝተወሃበ ኮምሽን እዩ።

**ብዛዕባ ስራሕ ኮሚሽን ዝያዳ ሓበሬታ** ኣብዚ **here** ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ንሕቶታት ሚድያ፡ በጃኹም ተወከሱ፡** ቶድ ፒትማን፡ ኣማኻሪ ሚድያ መርማሪ ተልእኾታት ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብ **todd.pitman@un.org**፡ ሞባይል፡ +41 76 691 1761 ፡ ወይ ፓስካል ሲም፡ ሓላፊ ሚድያ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብ **simp@un.org**. ዝብል ጽሑፍ ኣሎ።